# *ደገፍ ንሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ::*

ዲክታቶር ኢሳያስ ኣብ ገድሊ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ኣብ መራሕቲ ውድብ፤ ላዕለዎት ካድራትን ኣብ ዝተፋላሰየ ጊዜ ንገለ ከቕርብ ንገለ ክፈሊ ከሎ ኣብ ውሽጢ መሰረታው ያን ሐይልታት'ውን ከም ሐላይን ውፉይን ተመሲሉ ብምቕራብ ፈላላይ ጥበቡ ካብ ንሐድነትን ንሰላምን ምእንቲ ስልጣኑ ኣንጻር ሐድንት ዝተቃለሶ ይዓቢ።

ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት እንተኾነ'ውን ህዝቢ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ መንግስቲ ኣቑሙ፤ መንግስታውያን፤ ህዝባውያን ትካላት መዚዙ ብሕግን ፍትሕን ሃገር ክትመሐደር ካብ ናይ ጸላኢ ሐይሊ ዕንወት ክትለምዕ እንዳተጸበየ ከሎ፤ ኩሉ ኣንፈት ደሞክራሲ ዘበለ ኣብ ስልጣነይ ክፋታተነኒዩ ኢሉ ስለዝኣምን ካብ መጀመርያ ንዝተቃወሙ ውድባትን ሐይልታትን ኣይሰምዕን ጥራይ ዘይኮነስ ንኸጥፍኦም ሒማቅ ሐሊኑ ሃገርን ህዝብን ምእንቲ ከይቀስን ክልተ ዓይነት ስልጣን [መንግሰቲ ኤርትራን ስልፊ ህ.ገ.ደ.ፍን](#) ፈጢሩ ከምዝደለዮ ንሰበስልጣን መንግስትን ህ.ገ.ደ.ፍን ንገለ ብምቕራብ ንገለ ድማ ብምርሐቕ ነቲ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ተጠቂምካ ደርብዮም ዝብል ዘራጊ ሜላኡ ተጠቂሙ ብዓይኒ ጽልኢ ተጠማሚቶም ኣብ ማእከሎም ቅርሕንቲ ተፈጢሩ ዕብየት ሃገር ከምዝኅድም ገይሩ'ዩ። ሕብረተሰብና ዝመሐደረሉን ዝግልገለሉን ዝነበረ ባይቶ፤ ባህልን ልምድን መንጢሉ ረብሐን ጥቅምን ህዝቢ ወኒኑ ድኽነት፤ ጥምየት፤ ሕማምን ድንቁርናን ኣብ ሃገር ኣተ ኣታትዩ ህዝቢ ለማኒ ገይሩዎ።

ኩሉ ወዲ ሃገር ብዘይድልየቱ ብኣስገዳድ ወተሃደር ዓስኪሩ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብል ስም ኣጠሚቑ ንዓመታት ገደብ ዘይብሉ ከብ ስድራቤቶም ፈላልዩ ብዘይ ደሞዝ ኣስሪሑ ኣብ መወዳእታ ተስፋ ንእስነቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ተጸንቂቑ ምረትን ሽግርን ኤርተራ ተሐንጊጦም ሃገሮም ጸሊኦም ዘይኮነስ መግለጺ ተቓውሞ፤ ፍትሕን ሕግን ክትከል ኣንጻር መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ንስደት ብምምራሕ ተቓውምኦም ገሊጾም ኢዮም።
ኣብዚ ዝሐለፈ ዓመታት ብስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ሐሪሾም፤ ጓሲዮም፤ ዝረብሕሉን ዝጥቀም ሉን ዝነበሩ መሬቶም ተሐዲጎም ምእንቲ ፍትሕን ሕግን መሬትና ኣይነውርስን ኢሎም ዝተቓለሱ ዓቦይቲ ዓዲ ከምቀልዓ ተገሪፎም ዝተኣስሩ፤ ሃገር ለቒቖም ዝተሰዱ ጥራይ ዘይኮነ ንምሒር ጭቆናን ግፍዕን ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ምጻሩ ስኢኖም ንመሰሉ ንሕግን ፍትሕን ክብል ኣብ ዘየድሊ ኅነጽ ዝኣተወ ሕብረተስብና ፈትዩ ኣይኮነን። መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ፈላሊኻ፤ ግቦ ስልጣን፤ ግቦ ገንዘብ ሂብካን ተቐቢልካን ግዛእ ጥራይ ዘይኮነስ ፈሪሑ ከምዘስቅጥ ገለ ድማ እቲ ጉዳይ ኣባይ ኣይበጽሕንዩ፤ ንዓይሲ ኣየርክ በለይንዩ፤ ይፈትወኒዩ፤ ሽመት ወሲኹለይ እንድዩ እንዳበለ ህዝቢ ንጉዳዩ ከም ዝርስዕን ዝዝንግዕን ገይርዎ ኢዩ።

ዝደመየ፤ ዝተገፍዔ፤ ዝደኸየ፤ ፍትሕን ሰላምን ዝተነፍጎ ውጹዕ ህዝቢ በብጊዜኡ ቀስ እንዳበለ ዘልዓሎ ቃልሲ እነሆለ ሐይልታት ምክልኻል ሠራዊት ኣንጻር መላኺ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ ተቓውሞኡ ብንጹር ይገልጽ።

ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ወጻኢ ይኹን ኣብ ውሽጢ ዘሎ፤ ብብሕታዊ ጥቕሚ ወይ ረብሐ ንመላኺ ስርዓት ፖለቲካዊ፤ ገንዘባዊን ሞራላውን ደገፍ ዝገብር፤ ህዝቢ ከይረብሔን ከይቀሰነን ንበይኑ ቅሳነትን ረብሐን ከምዘይብሉ ተረዲኡ ኩሉ ሐገዛት ጠጠው ኣቢሉ ኣብ ገገዝኡ፤ ኣብ ዓዓዱ፤ ቆልዑት ብደርፊ፤ መንእሰያት ጽሑፋት ኣብ ጎደናታት ብምዝርጋሕ፤ ኣብ መንደቕ ብምልጣፍ ኣብ ጎኒ ህዝቡ ክስለፍ ንጽውዕ።

ተቃውሞ ፖለቲካውያን ውድባት፤ ሰልፍታት፤ ሲቪካውያን ማሕበራት፤ ግዱሳት ኤረትራውያን ኣብ ስቱትጋርትን ከባቢኡን፤ ነዚ ብሰራዊት ምክልኻል ተረኺቡ ዘሎ

ተቓውሞ ብግቡእን ጽፉፍን አገባብ አብ ረብሓን ጥቕምን ህዝቢ ክውዕል ምሉእ ደገፍና እንዳሃብና አብ ጎኑ ጠጠው ኢልና አሎና።

አባላት መርበብ አሰና ዳት ኮም፤ ሳሊና ዳት ኮምን በዚ አጋጣሚዚ ነቲ ንፍትሒ ህዝብን ሰላም ሃገርን አብ ንቡር ክምለስ፤ ምእንቲ ሕድሪ ስውእ ድማ አብ ግብሪ ክውዕል እትገብርዎ ዘሎኹም ዘይሕለል ውሕሉል ቃልስኹም ብዕቱብ አብ መወዳእታ ከተብጽሕዎ እንዳተላቦና አብ ጎንኹም ምዃንና ነረጋግጽ።

ካልኦት ናይ ዜና ማዕከናትን መርበባትን ነዚ ዝካየድ ዘሎ እዋናዊ ስርሒታት ብአድማ ዒ መገድን አገባብን አብ ህዝቢ ንኸተቃልሕዎ ጻዊዒትና ነቕርብ።

ፍትሕን ሰላምን ብተሳትፎ ህዝቢ ክዕወትዩ፤
ዘለአለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውአትና፤

ጊዝያዊት ሽማግለ
ፖለቲካውያን ውድባት፤ ሰልፍታት፤ ሲቪካውያን ማሕበራት፤
ግዱሳት ኤርትራውያን አብ ሰቱትጋረትን ከባቢኡን
ሃገር ጀርመን